# ኮሚሽን ኮሮና ጸብጻብ ከረክቡ ከለዉ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ዝሃበቶ መእተዊ ቃል

መደረ/መእተወ| ዕለት: 14.04.2021

Av: Statsminister Erna Solberg

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኣርና ሱልባርግ ካብ ኮሚሽን ኮሮና ጸብጻብ ኣብ ቤት-ጽሕፈታ ክትቕበል እከላ ዝሃበቶ መእተዊ ቃል፡ 14 ሚያዝያ 2021

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን

ብቕዳምነት ንኣባላት ኮሚሽን ስለ ጸብጻቦምን ጻዕሮምን ከመስግኖም እፈቱ። ጸሓፍቲ እውን ስለ ጻዕሮም ከመስግኖም እፈቱ።
ዝተሓላለኸ ኣርእስትታትን ኣብ ሓጺር ግዜ ክፍትሑ ዝነበሮም ዕማማትን ዘጠቓለለ በዳሂ ዕዮ እዩ ኔሩ።
ለበዳ ኮሮና ንኩሎም ክፋላት ሕብረተሰብ ኖርወይ ከበድቲ ሳዕቤናት ኣስዒቡሎም እዩ። በዚ መንጽር ክርአ ከሎ እዚ ሕጂ ወሪዱና ዘሎ ቍልውላው ካብቶም ናይ ቅድሚ ሕጂ ዘሕለፍናዮም ብጣዕሚ ዝተፈልየ እዩ።

ብዕለት 12 መጋቢት ኣብ ግዜ ሰላም ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ እቶም ዝሓየሉ ስጉምቲታት ኢና ኣተኣታቲና። ብዙሕ እንዳተጠራጠርና ኢና ውሳኔታትና ኣሒልፍና። ህይወትን ጥዕናን ቀዳምነት ብምሃብ ነቲ ዘስፋሕፍሕ ዝነበረ ቫይረስ ብሓባር ከነውርዶን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ንክነእትዎን ተዓዊትናሉ ኢና።

ኣብ ዕዮታት ተቐረብ ኩሎም ክስተታት ክግምገሙ ሓደ ኣገዳሲ መትከል እዩ። ብምሉኦም ልምምዳት ከነጽንዖም ኢና መታን ካብኦም ክንቀስሞ ንኽእል ፍልጠት እንተሃለዩ ክንርኢ። ከምኡ ብምግባር ኩነታት ተቐረብ ከነማዕብሎን ጸጥታ ኖርወይ ከነሐይሎን ንኽእል። ትካላትናን ንሕና ከም ኣባላት መንግስትን ከምኡ ክንገብር ግዴታ ኣለና። ሽሕ ኳ ኖርወይ ብብዝሒ ለብዕን ቁጠባን ክልካዕ ከሎ ካብ ካልኦት ሃገራት ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ትሃሉ ምግምጋምን ምምሕያሽን ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ክሳብ ክንድዚ ዝምዕባዩን ዝምንውሑን ክስተት ቅድሚ ሕጂ ኣሕሊፍና ስለዘይንፈልጥ።
ኣብ ሚያዝያ 2020 መንግስቲ ወገን ዘይሕዝ ነጻ ዝኾነ ኮሚሽን መዚዙ- ከምኡ ዝገበርናሉ ምኽንያት ሰበስልጣን ንለበዳ ኮሮና ዝገበሩሉ ኣተሓሕዛ ዓሚቕን ምሉኣውነት ዘለዎ መጽናዕትን ገምጋማትን ንኽግበረሉ እዩ። ኣባላት ኮሚሽን ቅድሚ ለበዳ ክሳብ ክንደይ ተቐሪብናሉ ከምዝጸናሕናን እቲ ቅልውላው ምስ ተኸስተ ብኸመይ ተተሓሒዝናዮን ክርእዩዎ እዩ ኔሩ እቲ ዕላማ።
እንታይ ጽቡቕ ኔሩ፡ እንታይ ከ ክመሓየሽ ይኽእል፧ ዝመጽእ ዘሎ ግዜ እንታይ ክንቅይሮም ንኽእል ነገራት ኣሎ፧ እቲ ሕጂ ወሪዱና ዘሎ ቅልውላው ክንመሃረሉ ኣለና መታን ነቲ ዝመጽእ ቅልውላው ብዝሓሸ ተዳሊናሉ ክንጸንሕ። እዚ ለበዳ ጌና ዘይተወደአ ብምዃኑ ኣባላት ኮሚሽን ንኣተሓሕዛ ሰበስልጣን ዝምልከት ኩሎም ሽንኻቱ ክግምግሙዎ ኣይከኣሉን።
ስለዚ እዚ ለበዳ ክሳብ ዝውዳእ ኣባላት ኮሚሽን ስርሖም ክቕጽሉ ድሌት መንግስቲ እዩ። ዳርጋ ብምሉኦም ኣባላት ኮሚሽን ስርሖም ክቕጽሉ ሕራይ ብምባሎም ሕጉስቲ እየ። ንቕጻልነት ስርሖም ኣገዳሲ እዩ።

ጸብጻብ ኮሚሽን ኮሮና ሕጂ ዝተፈላለዩ ኣካላት ርእይቶታቶም ንኸስምዑሉ ክዘውር እዩ፡ ቅድሚ ወቕቲ ክረምቲ ክተሓዝ ዘኽእሎ ገደብ-ግዜ ከኣ ተሓንጺጹሉ ኣሎ።

ንሃገራዊ ባይቶ ውን ኣብዘን ዝመጻ ሳምንታት ብዛዕባ እዚ ጸብጻብ ክገልጸሎም ክሓትት እየ። ኣባላት ኮሚሽን ናይ መወዳእታ ጸብጻቦም ምስ ኣረከቡ መንግስቲ ንሃገራዊ ባይቶ ንዕዮ ኮሚሽን ብኸመይ ከም ዝከታተሎ ዘርኢ መግለጺ ከነቕርብ ኢና።
ከም እንደገና ኣባላት ኮሚሽን እዚ ኣገዳሲ ዕዮ ብምዕማሞም ከየመስገንኩዎም ክሓልፍ ኣይደልን- ከመጻኢ ንዛተየሎም ኣገደስቲ ዘተታት መሰረት ዘንጽፍ ኣገዳሲ ስራሕ እዩ ተሰሪሑ ዘሎ፡ ዕዮታት ተቐረብን ኣተሓሕዛ ቁሉውላውን እውን ብኸመይ ከንመሓይሾ ከምንኽእል ብዝብል።
ከም ምስጋና ጻዕርኹም ዕታር ዕንባባ ክህበካ ምተገበኣኒ ኔሩ። እንተኾነ ኣብ ኩነታት ለበዳ ንርከብ ብምህላውና ንለብዒ ዝከላኸል ውሑስ ኣገባብ ብዘለዎ ጸኒሑ ንስኻን እቶም ዝተረፉን ኣባላት ኮሚሽንን ዕታር ዕምባታት ከምዝወሃበኩም ክገብር እየ። ስለዚ ይመጻኩም ከምዘሎ ፈሊጥካ ኣለኻ። ሕጂ ንሓላፊ ኮሚሽን ፕሮፌሰር ስቴነር ክቪንስላንድ ቃሉ ክህብ መድረኽ ክገድፈሉ እየ።